# ምርጫኻ እዩ



ውልቃዊ ምርጫኻ ለውጢ የምጽእ እዩ
ዴሞክራሲ ኣብ ማሕበረኮማዊ ውሳኔታት ይምርኮስ። ናይ ምምራጽ መሰላትካ ምስትጥቃም፣ ኣብ ሕብረተሰብ ካን ኣብ ካልኦት ሰባትን ዘሎካ ሓላፍነት ተረጋግጽ።.
ኣብ እዋን ምርጫ፣ ድምጽኻ ምስተሰምዕ፣ ናይ ፖለቲካ ሕጹያት ኣብ ምምራጽ ሓገዝ ትገብር፤ ንውልቃቂ ሂወትካ ንዝጸልዉ ውሳኔታት ድማ ትብድህ። ኣብ እዋን ምርጫ ናብ ምርጫ ነቑጣ ብምምጻእ መሰቀላዊ ምልክት ግበር። ውልቃዊ ምርጫኻ ለውጢ የምጽእ እዩ!

መን ክመርጽ ይኽእል?
ውሽጣውን ዞባዊን ምርጫታት:
ኣብ ውሽጣውን ዞባዊን ናይ ምርጫ ካውንስላት ክትመርጽ ትኽእል። ዕድሜኻ እንተድኣ 18 መሊኡ፣ ኣብ ከባኻ/ወይ ዞባኻ ቋሚ ነባሪ ተኾንኻ፣ ከምኡውን:

- ናይ ዴንማርክ ዜጋ፣ ወይ
- ካብ ኣባላት ሕቡራት ኣውሮጳ ዜጋ ናይ ሓንቲኤን ሃገር፣ ናይ ኣይስላንድ ዜጋ፣ ወይ ናይ ኖርዋይ ዜጋ፣ ወይ
- ካብ ኣባላት ሕቡራት ኣውሮጳ ፣ ኖርዋይ፣ ወይ ኣይስላንድ ወጻኢ ናይ ካልእ ሃገር ዜጋ ምስትኸውን ግን ከኣ እዚ ምርጫ ቅድሚ ምግባሩ ኣብ ዴንማርክ ንዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ምስትቕመጥ።
- ዜጋ ዓባይ ብሪጣንያ ኴንካ፡ ካብ 31 ጥሪ 2020ን ካብኡ ንደሓር ዘሎ ግዜን ድማ ከየቋረጽካ ኣብ ደንማርክ ትቕመጥ ኣለካ፣ ወይ

ፓርሊያመንታዊ ምርጫን ሬፈረንደምን:
ናይ ዴንማርክ ዜጋ እንተድኣ ኮይንካ፣ ዕድሜኻ 18 እንተመሊኡ፣ ከምኡውን ኣብዚ ኪንግደም ቋሚ ነባራይ ምስትኸውን ኣብ ፓርሊያመንታዊ ምርጫን ሬፈረንደምን ክትመርጽ ትኽእል። ዘይብቑዕ ማኸኒካ ዝሕበር መርትዖ ክህልወካ የብሉን (ኣብ ትሕቲ መግዚትነት፣ ሕጋዊ ብቕዓትካ ብሙሉኡ ዝተነጽገ ምሥዝኸውን)
ናይ ኣውሮጳ ምርጫታት:
ኣብ ዴንማርክ፣ ኣብ ናይ ኣውሮጳ ፓርሊያመንታዊ ምርጫታት ክትመርጽ ትኽእል ዕድሜኻ 18 ምሥዝመል እን፣ ካብዞም ዝስዕቡ ሓዲኦም ምስተማልእን እዩ:

- ዜጋ ደንማርክ ኴንካ ብቐዋሚ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ወይ ካልእ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሃገር ትቕመት ኣለኻ፣
- ዜጋ ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳዊት ሃገር ኴንካ ብቐዋሚ ኣብ ደንማርክ ትቕመጥ ኣለኻ፣ ወ
- ዜጋ ዓባይ ብሪጣንያ ኴንካ፡ ካብ 31 ጥሪ 2020ን ካብኡ ንደሓር ዘሎ ግዜን ድማ ከየቋረጽካ ኣብ ደንማርክ ትቕመጥ ኣለካ።

ኣገባብ ኣመራርጻ ከምዚ ዝስዕብ እነሆ
ናይ ምምራጽ መሰሉ ዘማልአ ማንኛውም ውልቀሰብ፣ ናይ ምርጫ ካርዱ ብፖስጣ ይላኣኸሉ። ኣበይን መዓስን ክትመርጽ ከምዘሎካ ኣብ ናይ ምርጫ ካርድ ይሕበር። ኣብቲ ናይ ምርጫ ነቑጣ ናይ ምርጫ ኦፊሰራትን ጸሓፍትን ትረክብ፣ ንኣገባብ ምርጫ ዝምልከት ኩሉ ነገር ድማ ብትኽክል ከምዝካየድ የረጋግጹ። ምናልባት ኣገባ ኣመራርጻ እንተዘይተረዲኡካ፣ ነቶም ናይ ምርጫ ኦፊሰራትን ጸሓፍትን ክትሓቶም ትኽእል። ኣብቲ ነቑጣ ምስ በጻሕካ፣ ናብቲ ኣብ ካርድኻ ዝተገልጸ ናይ ምርጫ ጠረጴዛ ኣምርሕ፣ ናይ ምርጫ ነቑጣ ዲጂታላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ምርጫ ጠረጴዛ ዘርእይ እተሃሊዎ፣ ናይ ምርጫ ጠረጴዛ ክትመርጽ ትኽእል። ናይ ምርጫ ካርድኻ ኣረክብ፣ ድሕሪኡ ኦፊሰር ምርጫ ዝርዝር ፓርቲታትን ሕጹያትን ዝሓዘ ባለት ወረቐት ይህበካ። መንነትካ ንምርግጋጽን ኣብቲ ካርድ ዘሎ ሓበሬታ ንምዝማድን ዕለተ ትውልድኻ ክትሕተት ኢኻ።
ካርድኻ ሒዝካ ናብ ንውልቅኻ ትኾነሉ ክፍሊ ምርጫ እቶ። ኣብ ጎኒ ናይቲ እትመርጾ ሕጹይ ወይ ፓርቲ ኣብ ዘሎ ሳንዱቕ ብርሳስ ወይ ፒሮ ጌርካ መስቀላዊ ምልክት (X) ኣመልክት (ሓንሳብ ጥራሕ ኣመልክት)። ኣብ ምምልካት ጌጋ እንተድኣ ጌርካ፣ ቅድሚ ናይ ምርጫ ካርድ ኣብ ሳንዱቕ ምእታውካ ንምርጫ ኦፊሰር ወይ ጸሓፊ ብምሕባር ካልእ ቀይር። ጽሑፍ ዴንማርክ ንምንባብ የጸግመካ እንተኾይኑ፣ ናይ ምርጫ ጸሓፊ ተሓጋጋዚ ኣብ ውሽጢ ምርጫ ክፍሊ ብምምጻእ ክሕግዘካ ይኽእል። መሪጽካ ምስወዳእካ፣ ናይ ምርጫ ባለት ኣብ ሳንዱቕ ኣእቲኻ ካብቲ ናይ ብሕቲ መምረጺ ክፍሊ ውጻእ።

ኣስተውዕል: ናይ ምርጫ ካርድኻ ናብ ኣብ ውሽጢ እታ ሃገር ናብ ዝርከቡ ካውንስላት ምርጫ ብፖስጣ ብምልኣኽ ቅድሚ ዕለተ-ምርጫ ምእኻሉ ክትመርጽ ትኽእል። ምርጫኻ ብፖስጣ ትልእከሎም ውሽጣዊ ናይ ምርጫ ካውንስላት ናይ ዜጋ ኣገልግሎት መውሃቢ ቦታታት፣ ከም ቤተ-መጻሕፍቲ፣ ሓደሓደ ትምህርታዊ ተቋማትን ተንቀሳቐስቲ ናይ ምርጫ ንቑጣታትን ክኾኑ ይኽእሉ። ብፖስጣ ምርጫኻ ትልእከሉ ኣገባብ ንምፍላጥ ናብ ናይ ከባቢኻ ናይ ምርጫ ካውንስል ደውል ወይ ድማ ንናይ ምርጫ ካውንስል መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።